## ኣብ ፍሪቲድስባንከን ፧

- ዘይትጥቀመሎም ናይ ስፖርትን ናይ ነጻ ግዜ መዘናግዒ ንብረታትን ክትህበና ወይ`ውን ክትገድፈልና ትኽእል ኢኻ
- ነዚ ንብረት እዚ ዳግማይ ኣብ ዘድልየካ እዋን ክትልቅሖ ትኽእል ኢኻ
- ሓገዝካ ኣይፈለየና ። ሕተተና`ሞ ከመይ ጌርካ ኣብርክቶኻ ከምተደንፍዕ ክንሕብረካ !

### በዚ ዝስዕብ መራኸቢ ብዙሃን ሰዓቡና፡

fritidsbanken.se

facebook.com/fritidsbanken

instagram.com/fritidsbanken

twitter.com/fritidsbanken

Fritids banken



# ኹሉ ይዕወት ዝሰዓር የለን።

ኣብ ቐዳመ ሰንበት ናይ በረድ ምንሸርታት ጉዑዞ ኣጋጣሚ ምስ የዕሩኽትኻ ኽተሕልፎ ትደሊ ዶ?
ወይ ምናልባት ምስ ስድራኻ ናይ ብሽክለታ ጉዑዞ ክትገብሩ ትደሊ ዶ? ኹሉ ዘድልየኻ መሳሪሕታት
ካብ ፍሪቲድስባንኸን ክትልቓሕ ትኽእል ኢኻ።

በዚ ኣጋጣሚ እዚ ሕጂ ሕራይ ክትብል ትኽእል ኢኻ፡ ኹሉ ዘይብልኻ መሳሪሕታት ካብ ኣብ ጥቓኻ ዘሎ ፍሪቲድስባንከን ክትልቃሕ ትኽእል ኢኻ ። እዚ`ውን ንዓኻ ሓደስቲ ዓይነታት ስፖርትን ንጥፈታትን ክትገብር ነጻነት ይህበካ። ብተወሳኺ ንኽትፈልጥን ንክትዘናጋዕን ብሓጎስ ክትንቐሳቐስን ዕድል ይህበካ፣ ማዕረ ማዕረ እዚ ድማ ዝሰማማዓካ ጽቡቕ ናይ ክሊማ ምርጫ ትገብር።

ፍሪቲድስ ባንክን ዝፈትዎ ነገራት ክልቲኦም ሰባትን ኣከባቢን ብውህደት ምስዝሕጎሱ እዩ፣ ኩሉ ምስዝረብሕ እዩ

## ብዛዕባ ፍሪቲድስባንከን

ፍሪቲድስባንከን ካብ ንግዳዊ ማሕበረሰብ ወጻኢ ዝተበገሰ ሓሳባትን ድሌታትን እዩ። እዚ ንጥፈት እዚ ዝተሃንጸሉ
ንኣከባቢ ዝምልከት ንነዊሕ ግዜ ዘተኮረ ኮይኑ ብ2013 ጀሚሩ ኣብ መላእ ሃገር ኣብ ብዙሓት ከተማታት ተመስሪቱ

ይርከብ። ኩሉ ንብረታት ንክትጥቀመሉን ክትልቃሕን ትኽእል። ካብ ብሽግሌታታትን ኳዓሳሱን ጀሚሩ ክሳብ ናይ በረድ መንሸራተቲን ፣ ናይ በረድ ቃርሳ መከላኸሊን ዝሓቑፈ ኮይኑ ነዚ ዝተጠቕሰ ኩሉ ስፖርታዊ ንጥፍታት ብምጥቃም

ፍሪቲድስባንከን ንጥዕናን ምቹእነትን ኣዛይድዎ ይርኽብ። ብተወሳኺ ድማ ፍሪቲድስባንከን ንንብረታት ዳግማይ ኣብ ማዓላ ብምውዓል ኣብ ሕብርተሰብ ብዙ ኣበርክቶ ይገብር። +

ስለዝኾነ ድማ ፍሪቲድስባንከን ነዛ ናይ ሃገረ ሽወደን ዝተጠቐምካሉ ንብረት ዳግማይ ኣብ ማዓላ ምውዓል (Avfall Sveriges märkering ) “Miljönär-Vänlig” ዝብል ምልክት ጸይሩ ይርከብ። እዛ ምልክት እዚኣ ድማ ንልቓሕን፣ ንምዕራይን፣ ዳግማይ ንብረት ኣብ ጥቕሚ ንምውዓልን፣ ንምንቕቓሕን ንዝያዳ ኣፍልጦ ብዛዕባ ኣጥቓቕማ ሃለኽቲ ነገራት የመልክት።



ኣብ ፍሪቲድስ ባንከን ናይ ስፖርትን ናይ ነጻ ግዜ መሳሪሒታትን ክትልቃሕንከትህብን ትኽእል ኢኻ። ንስኻ ርጉጽ ክትኮነሉ ዘለካ -

- ኩሉ ብነጻ ብዘይ ክፍሊት ምዃኑ
- ኩሉ ሰብ ክልቃሕ መሰል
- ንብረት ዳግማይ ኣብ መዓላ ክውዕል ንኣካባቢ ጽቡቕ ምዃኑ እዩ